# “ካብ ሰባ እትነውሕ መሸላ’ሲ፡ ወይ ንዑፍ፡ ወይ ንወንጭፍ”

ብዕድመ ዝንኣሱ፡ ደቅና ይኹኑ ካልኦት፡ ጌጋ ክገብሩን ወይ’ውን ብተደጋጋሚ ክፍጽሙ እንከለዉ፡ ትገንሖም፡ ትቐጽዖምን ካብሉ ሓሊፍና፡ እቲ መዓልታዊ ንመዘናግዒ ዝጥቀምሉ መጻወቲታት ኮነ፡ ኮምፒተር፡ ንግዚኡ ትሕድጎምም። ምኽንያቱ እቲ ዝገበርዎ ጌጋ ንዳግማይ ግዜ ከይገብርዎ ብዝብል ኣመት።

ደቂ 40ን 50ን ዓመትን ግን ኮነ ኢሎም ጌጋ ክፍጽሙ እንከለው፡ እንታይ ትገብሮም? ዝብል ዓብይ ናይ ኢሂን ምሂን ዘተ ኣብዛ ከተማ ቶሮንቶ ኪካየድ ቀንዩ።

እሞ ኣንበብቲ ብወገንኩም እንታይ ትብሉ?

ቶሮንቶ ዋና ከተማ ካናዳ ዘይኮነት፡ ብብዝሒ ህዝቢ ዝቕመጠላ ከተማ ከም ምዃና መጠን፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝመጹ ስደተኛታት በብኮማዊ ማሕበሮም ተጠርኒፎም መዓልታዊ መነባብሮም ዘካይድሉን፡ ጥርኑፍ ሓይሊ ዘለዎ ማሕበር ኮም መስሪቶም፡ ንመንነቶምን ክብሮም፡ ንባህሎምን ቋንቋኦምን ካብ ወላዶ ናብ ውሉድ ዘማሓላልፍሉ ምችእቲ ከተማ እያ። ብዝሒ ህዝቢ ከተማ ቶሮንቶ ክሳብ 2.9ሚሊዮን በጽሂሉ ኣብ ዘሎ፡ ስደተኛታት ኤርትራውያን ከኣ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣዳወሰኸ ምዃዱ ኣይተርፍን።

ሎሚ ስደተኛታት ኤርትራውያን፡  ካብ ሓደ ቢተ-ክርስቲያን ናብ ኣርብዓተ፡ ብመልክዕ ዓበይቲ ዝርኣዩ  ካብ ክልተ ኮማዊ ማሕበር ናብ ሰለስተ፡፡ ናይ መንእሰያት፡ ካብ ሓንቲ ናብ ሓሙሽተ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ሓንቲ ናብ ክልተ፡ ንኡሳን ጉጅለታት፡ መዓልቲ መዓልቲ እንዳተወለዳ፡ ከም ዑፍ መስከረም ከኣ በብግዚኡ ብልጭ ኢለን ዝጠፍኣ ማሕበራት ኣይጠፍኣን።

እቶ ሕቶ ግን፡ ናይዘን መዓልቲ መዓልቲ ዝምሰረታ፡ ወይውን ቀዲመን ዝተመስረታ ዘይኮነስ፡ እንታይ ኢዩ ዕላመአን? ኣንፈትን ናበይ ኢዩ? ዝህብኦ ኣገልግሎት ከ ከመይ ኢዩ? ኣባላት እዘን ዝተፋናጨላ ማሕበራት ከ መን መን ኢዮም? መስረቲ፡ ሓላፍቲ/ኣካየድቲ፡ ኸ ድሕረ ባይትኦም እንታይ ኢዩ ዝመስል? ዝብል ሕቶ ነብስ ወከፍና ክንሓትት ይግባእ። ንነብስናውን ኣብየናይ ማሕበር ወይ ጉጅለ ኣባላት ምዃንና ምፍታሽ ኣገዳሲ ይመስለኒ።

ኮማዊ ማሕበር ክንብል እንከለና ብጠቕላላ፡ “ማሕበራዊ ህይወትና፡ ነማሕይሽሉን፡ ሓቢርና ንሓጎስናን ጸገምና ተካፊልቲ ኮይና፡ ታሪኽ ሃገርና፡ ባህልን ቋንቋታትን ነወራርሰሉ፡ ተጠርኒፍና፡ ኣገዳስን ህልውን ሓበሬታታት ንረኽበሉን ኮይኑ፡ ካብቶም ብዕድመ ዝዓበዩን ክሳብ እቶም ገና ኣብ ገንሸል ማህጸን ኣደ ንዘለው ኤርትራውያን ዜጋታት ብማዕረ ጠሚቱ ኣገልግሎት ዝህብ ማሕበር ማለት ኢዩ።

እቲ ዝውሃብ ኣገልግሎት ግዜን መዓልትና፡ ዓይነት ሚዛንን፡ መልክዕታቱ ኪቀያየር ይኽእል። ምኽንያቱ ከከም ድሌት ተቐባሊ ኣገልግሎት ስለዚኸውን፡ ኣብዚ ግን ንኩሉ ማዕረ ዘሰንዮ ኣገልግሎት ግን “ኤርትርውነት-ካናዳውነት” ዝሓዘለ ስለዚኸውን እዘን ኩለን ተጎዛዝኢየን ዘለዋ ማሕበራትን ጉጅለታትን ኣብ ሕቑፍአን “ኤርትራውነት-ካናዳውነት” ኣሎ ድዩ? ወላስ ድሕሪ ባይታ ናይዘን ማሕበር ካልእ ጥጁእ ዝኾነ መልእኽቲ ኣሎ?

ንኩለን ማሕበራትን ጉጅለታትን ካበይ ተበጊሰን ናበይ ይኩዳ ኣለዎ ኢልካ ምጽሓፍ ኣገዳሲ ኣይመስለንን፡ ምኽንያቱ ኩለን ዝተመስረታን “ኤርትራዊ” ስም ሒዘን ዝተጠመቃ ማሕበራት ይኹን ጉጅለታት፡ ፖለቲካዊ ኣጠማምተአን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተፈላለየ ብምዃኑ ዳርጋ ኩለን ናበይ ገጸን የዘንብላ ኣለዋ ንኣንበብቲ ይገድፎ።

እሞ ነቶም ደቅናስ ንቐጽዖም፡ ነቶም ደቂ 40ን 50ን ንዝኾኑ ጉጉይ ኣረኣእያ ወይ መንገዲ ሒዞምን ንዝጓዓዙ’ኸ እንታይ ንግበሮም? ብምንታይ ከ ይቐጽዑ ንዝብል ግን ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓቢርና ነንብቦ።

ኣቐዲመ ግን፡ ዝኾነ ማሕበረ ኮም ክምስረት እንከሎ ካብ ፖለቲካን ሃይማኖታውን ምትእትታው ነጻ ምኳኑ ኩልና ንፈልጥ ኢና፡ ኰይኑ ግን ብዛዕባ ሃገርናን ህዝብናን ምግዳስ፡ ፖለቲካዊ ድዩ ኣይኮነን? ካባኹም መልሲ ይጽበ።

መጋቢት 8 ዓመታዊ ጽንብል ደቅ-ኣንስቲዮ ምኳኑ፡ ብዓለም ለኸ ዝፍለጥ ክንሱ፡ ከም ኩለን ሃገራት ከኣ ደቂ ኣንስቲዮ ኤርትራውያን ንዝሓለፈ 35 ዓመታት፡ ብኽብሪ ከጽንብልዎ ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ስደት። ዕላማ ኣዚ ጽንብል ከኣ “መዓርነት” ኮይኑ፡ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ከምቶም ኣወዳት የሕዋተን፡ ኣብ ቃልሲ፡ ማሕበራዊ ህይወትን ካልእን ብማዕረ ተሰሊፈን ዘበርከትኦ ግደ፡ ብቐሊሉ ዝርአ ስለዘይኮነ፡ ኣብ ዘካይድኦ ጽንብል ቅያታተን ብምግላጽ ክሳብ ክንደይ ኣብ ሃገር ምህናጽን ምክልኻልን ዝተግብርኦ ፍጻሜታት ብስእልን ቪድዮን ኣሰኒቐን ኣብዚ ብዓል ንህዝቢ የቕርባ። እቲ ውሑሉልን ምቑሉልን ዝኾነ ባህላዊ መግብታትን ብሓባር ሰርሐን ይቕርባን የዕንግዳን፡ ባህላዊ ቡን “ከሽ-ከሽ” ኣቢለን ኣወል...እንዳበላ በቲ ብሙዚቃ ኣካላትና ከምዚንቀሳቐስ፡ በቲ ከኣ ከብድና ክጸግብ ዝገብርኦ ምሽብሻብ ቀሊል ከምዘይኮነ ክንፈልጦ ይግባእ።

ኣብ ቶሮንቶ “ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ” (ሃማድኤ) ነቲ ኪኖ 1991 ንዝነበረ ምንቅስቃስ ገዲፍና፡ ንዝሓለፈ 24 ዓመታት ብዘይ ምቁራጽ ዓመት ዓመት ዝጽንብልኦ ብዓል፡ ኣዚዩ ዝሕጉስን ዘድንቕን ኢዩ። ተራ ድቂ ኣንስቲዮ ኪኖ ኣቲ ማሕበረን ሓሊፈን፡ ኣብ ኮማዊ ማሕበር ኣብ ምምስራት (ክልቲኣን ኮማዊ ማሕበራት ኣብ ቶሮንቶ) ዝተጻወትኦ ዓብይ ተራ፡ ብቃላት ዝግለጽ ከምዘይኮነ ክንፈልጦ ይግባኣ።

ሎሚ ንማሕበር “ሃማድኤ” ካልእ ትርጉም ክህብዎ ዝህቅኑ፡ ውልቀሰባት ይኹኑ ጉጅለታት/ማሕበራት ግን ኣብዚ ግዜ እዚ ይቀላቀሉ ምህላዎም፡ ክሳብ ክንደይ ድኽመት ከምዘለዎም ምግላጽ የድሊ። “ሃማድኤ” ክንብል እንከለና “ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣዴታትና” ማለት ኢዩ።

የሕጽር ኣቢለ፡ “ሃማድኤ” ክምስረት እንከሎ ኣብ ግዜ ሰውራዊ ቃልሲ ኣብ ውሽጢ ነጻ ሜዳ ኤርትራ ኢዩ ተመስሪቱ። “መሰልና” ይረጋገጽ ብዝብል ቀዳማይ ዕላማ ተበጊሰን። ማሕበር ክምስረት እንከሎ፡ ምስ ሓፋሽ ህዝቢ ጽቡቕ ዝምድና ብምምስራት፡ ንዝተጸገሙ ደቂ ኣንስትዮ ብዝተፈላለየ ኣገልግሎት ብምሃብ፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ሰውራ’ውን ዘበርከትኦ ተወፋይነት ኣዚዩ ዝሕብን ብምንባሩ ፣ግድን ምስቲ ኣብቲ ግዜ እቲ ሓያል ምንቅስቓስን ዓወታትን ዝዓትር ዝነበር ህዝባዊ ግንባር ጥሙሕ ዝኾነ ርክብ ብምፍጣር ጉዕዘን “ሀ” ኢለን ጀሚረን።

ሃማድኤ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ስደትን ካብ ህዝቢ፡ነቒለን ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ተዋፊረን ዓወት ዝጨበጣ ክቡራት ምኳነን ብሕጽር ዝበለ ይገልጾ። ስለዚ እዚ ኣብ ከተማ ቶሮንቶ ንዓወተን ዘበስር በዓል ንቀዳም ዕለት 14 መጋቢት 2014 (ካልኣይ ደርቢ) ክጽንብላኦ ዝቀራረባ ዘለዎ ከም ዝኾነ ብዓል ክንርእዮ የብልናን፡ ንክብርን ማህጸን ኤርትራዊት ኣደ፡ ንኡድ ዝኾነ መጎሳን ብልጽቲ ምኳናን እነጸንብሎ በዓል ምኳኑ ክንፈልጥ ይግብኣና። ጅግና ዝወለደት ማህጸን ስለዚኾነት፡ ወላድ ጅግንነኣ ዝገልጽ “ኣልልታን ጸወታን” ብድምቀት ሓቢርና ክንሕልፎ ይግባእ።

ካልኣይ ደርቢ ዝበልክዎ ብዘይ ምኽንያት ኣይኮነን። እቲ ንደቂ 40ን 50ን ዝበልክዎ ከኣ፡ ከምዚ ይስዕብ። ሎሚ ትማሊ ኣብ ሃገረ ኤርትራ፡ ናይ ምምስራት ማሕበር፡ ሰሚናር ቀሲመን ብዝመጻ፡ ልኹሙሳትን ተወላወልትን ዝኾና፡ ብስም ሃገራዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ፡ ካብ ስርዓት ወያነ ብዝተመወለለን ሓገዝ፡ “ጥርጡር ኣድጊ መጥፍኢ ናውቲ” ከምዚብሃል ንነብሰን ህላውነተንን ግብረን ኣብ ጥርጣረ፡ ዘእተዋ፡ ተቓማርቲ፡ ነቶም ካብ ማህጸነን ንዝወጹ መናእሰያት የጋግያን፡ ምስ ክቡር ህዝቢ የራሓሕቃን ኣለዎ። እዘን ተቓመርቲ ኮነ ኢለን ኣብቲ ሃገራዊ ማሕበር ደቃንስትዮ ኤርትራውያን ንጽንብለን ንኽኽብራ ዝሓዝኦ ቦታ፡ ካልእ ንእስ ዝበለ ኣብ ቀዳማይ ደብሪ ስለዘሎ፡ ነቲ ቦታ፡ ብሓደ መዓልቲ፡ ብሓደ ሰዓት ብስም ኤርትርውነት ብምሽቃጥ ብዓል ንኪገብራ ይሸባሸባ ኣለዋ።

ገዛ ገዛ እንዳደወላ፡ “ንጽንብል መጋቢት 8 መዓልቲ ደቅ-ኣንስቲዮ ዝምልከት በዓል ንገብር ስለዘለና፡ ብኽብሪ ንዕድም።” ብምቕጻል “ብኽብረትክን ሰማያዊ ክዳን ተኸዲክን ክትመጻ፡..” ክንደይ’ከ ይደፍራ እየን “ሰማያዊ” እሞ ክቡራት ኣንበብቲ፡ ቅድሚ ሂደት ዓመታት ባንዴራ ኤርትራ ሒዘን፡ “ኣነ ንሃገረይ..” ዝበላን ከምተን ኩለን ኣዴታት ኤርትራ ጀጋኑ ዘፍረየ ማህጸን ኣለውን።

ሎሚ መኸሰብ ተረኺቡለይ፡ ናብ መቐለን ደብረዘይትን ተመላሊሰን፡ ናይ ሓጺር እዋን ትምህርታዊ ሰሚናር ቀሲመን፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብኸመይ ትፈላልዮ? ንሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ብኸመይ ትበታትኖ? ንመንእሰያት ብኸመይ ኣንጻር ሃገሮምን ህዝቦም የቕንዑ? ህዝብን መንግስትን ኮነ ኢልካ ንምድካም ዝተኣለመ ተግባራት ኣብ ውሽጢ እዚ ኮማዊ ማሕበርን፣ ሃይማኖታዎ ማሕበርን ተዋፊረን ንዘለው ደቂ 40ን 50ን 60ን መቕጽዓቲ ብኸመይ? ኣዴታትና ኣሓትናን እየን።

"ንጐራሕ ጐራሕ ይፈልጦ፡ ንቈርበት ዕንጕለ ይመልጦ" ይብሃል። እሞ እቲ ናታተን ናይ መቐለን ደብረዘይትን ጕርሕነት፡ በቲ ዘይጸዓድን ዘይንብርከክን ሓድነትን ስኒት ህዝብን ቆርበተን ኣማሲኑ ኪቀልጦ ምኽኑ ድሮ ጀማሚሩወን ኣሎ።

ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝገለጽክዋ፡ ከም ተቐማጦ ከተማ ቶሮንቶን ከም ኤርትራውያንን ካናዳውያንን ናብ እንኸዶ ምርጫና ስለዚኾነ፡ ንምርጫና ግን ኣብ ናይ ፍርዲ ሓቂ ሚዛን ነቐምጦ። "ሕድሪ" "ሃገራውነትን" "ሓድነትን" ነዘን ሰልስተ ህላውነትናን ልኡላውነትናን ዝሕብራ ኣብ ምርጫዊ ሚዛን ክንእትዎ ክንሓስብ ከማን የብልናን። ትማሊ ኣብ መቐለ ዝቦቐለ ማሕበር፡ ትሕዝትኡ እንታይ ኢዩ ኢልና ክንሓትት ይግባእ። ደርሆስ ንዝሓቆፎቶ እንቋቑሑ ድሕሪ 21 መዓልቲታት ትጫጭሆ። (ኣብ ሃገና) ሎሚ እንቋቑሑ ብዘይ ደርሆ ዝጫጫሓሉ እዋን ስለዝበጽሓና፡ እዘን ትማሉ ኣሰር ጃጋኑ ተኸቲለን ዝጓዓዛ ዝነበራ ናይ ሎሚ፡ ኣብ ኡንኬቤተር ናይ መቐለን ደብረዘይትን ከይደን፡ ኤርትራውነት ደመን ዘረከባ'ሞ ናይ ዘርግን ክፍኣትን፡ ናይ ምብትታንን ተንኮልን ደም ትግራይ ተቐቢለን ንዝጓዓዛ ኣዴታት መቕጽዓቲ እንታይ ኮን ይግብኣን?

"ካብ ሰባ እትነውሕ መሸላ'ሲ፡ ወይ ንዑፍ፡ ወይ ንወንጭፍ" ይብሉ ኣቦታትና። ንሕና ኤርትራውያን ከኣ "ስቕ እንተ ኢልና ጐራሓት " ስለንመስል መፍቶ ጸላእቲ ኮይናን፡ ነቓዓት ብምፍጣር፡ ጠሪሮም ብማእታው ኪበታትኑን ስለዝፈታትኑ "ዓው" ኢልና ክንዛረብን ሽቕታና ከብቕዕ ይግብኦ።

ርግጽ ኢዩ ሓደ ድሉዱል ሃገራዊ ዝኾነ ኮማዊ ማሕበር ብዘይምህላው፡ ነዚ ሕጂ ዝርአ ዘሎ ምፍንጫላት፡ ተጠቒሞም ጸላእትና ኣብ ልዳትና በጺሖም ኣብ ነፍስ ወከፍ ገዛ ይኮሑኮሁ ኣለው። ማዕጾ ኪንከፍቶን ንዘይንኸፍቶን ነንውልቅና ዝሓትት'ኳ እንተኾነ፡ ሓቢርናን ተረዳዲኣናን ምስ ንጓዓዝን ጥርኑፍ ሓይሊ ምስ እንፈጥር፡ እዘን ደቂ 40ን 50'ን 60'ን ግርም መቕጽዓቲ ምኾነን'ሞ ሓቢርና ነዚ መቕጽዓቲ ክነተግብሮ ነዘን ክልተ ዝደስከላ ኮማዊ ማሕበር "ሃገራውነትን" ንፈትሾ።

ጉዱሳት ኮይንኩም ንዝኾነ ርእይቶ ኣብ ምሃብ ክትተሓባበሩናን፡ ነተ መቕጸኣቲ ዝበልኩዎ ዘለኩም ሓሳባትን ተወሳኺ ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኢመል ተወከሱና። concern.eritrean.intoronto@gmail.com

ጉዱሳት ካብ ቶሮንቶ